קו לעובד
Worker's Hotline
عنوان العامل

# **ካብ'ላ-ኦቬድ** (10/2023)

## **መሰል እቶም ተቐማጦ እስራኤል ዘይኮኑ ሰዓታት ዚሰርሑ ሰራሕተኛታት**

**ካብ ላኦቬድ** ንሰራሕተኛታት ሕጋዊ ምኽርን ሓገዝን ዝህብ ዘይመንግስታዊ ገባር ሰናይ ማሕበር እዩ።

ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ሰሰሙን ኣብ መዓልታዊ ሰራሕተኛ ኹይኑ ደሞዙ ብመሰረት ናይ ስራሕ ሰዓታት ወይ መዓልትታት እዩ ዚኽፈል። ሰራሕተኛታት ኮንትሮባንድ ኰኑ ብቐጥታ ዚሰርሑ ሰራሕተኛታት ኵሉ መሰላት ኪረኽቡ ዚግብኦም እኳ እንተ ኹነ ንገሊኣቶም ግና እተፈልየ ሜላ ቐመር እዩ ዘለዎም ። ኵሎም ኣብ እስራኤል ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት (ናይ ስራሕ ቪዛ ይሃሉኻ ኣይሃሉኻ) ነዚ ዝስዕብ መሰላት ኣለዎም ።

| | |
|---|---|
| ***ዝተሓተ ደሞዝ*** | ዝተሓተ ደሞዝ ንምሉእ ሰዓታት ስራሕ (182 ሰዓታት ኣብ ወርሒ)  **30.61**ሽክል ንሰዓት **5572 ንወርሒ።** |
| ***ክፍሊት ግዜ፡*** | ወርሓዊ ደሞዝ ዝውሃበሉ ግዜ ካብ ዕለት 9 ናይታ ድሕሪኣ ዘላ ወርሒ ክሓልፍ የብሉን። |
| ***ዝያዳ ሰዓታት (ኦቨር ታይም)*** | መዓልታዊ ካብ 8 ሰዓት ንላዕሊ ኣብ ንሰርሓሉ ግዜ ኦቨር ታይም ክሕሰበልና ይግባእ። ኣብተን 2 ተ  ቀዳሞት ዝያዳ ሰዓታት ብ125% (   ኣብ ሰዓት 38.26) ድሕሪኡ ዘሎ ሰዓታት ድማ ብ150% (   ኣብ ሰዓት 45.91) ክንክፈል ይግባእ። ብተወሳኺ እቶም ኣብ ሰሙን ልዕሊ 42 ሰዓት ዚሰርሑ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተወሳኺ ሰዓት ተወሳኺ ገንዘብ ክቕበል  መሰል ኣለዎም።<br><br>ንውሓት እታ እትሰርሓላ መዓልቲ እንኮላይ እቲ ተወሳኺ ሰዓታት (ኦሾር ታይም) ኣብ ሰሙን ስራሕ ልዕሊ 12  ሰዓት ኪኸውን የብሉን። ኣስራሒ ንሓደ ሰራሕተኛ ልዕሊ 16 ተወሳኺ ሰዓታት ክትሰርሖ ኣይከኣልን እዩ። |
| ***ምቁጽጻር ሰዓታት ሰራሕ፡*** | ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዝስራሕካዮ ሰዓታት ክትምዝግቦ ኣገዳሲ ኢዩ (መጀመርን መወድእን ግዜ ስራሕ ምናልባት ምስ ኣስራሒካ ምስ ዘይትሰማማዕ መወከሲ ስለ ዝኽውን ከምኡ ውን ትሉሽ ናይ) ቅብሊትደመወዝካ)ክትሕዞ ኣለካ። |
| ***ወጻኢታት መጓዓዝያ*** | ኣስራሒኻ ካብን ናብን ስራሕ ናይ መጓዓዝያ ዘውጻእካዮ ገንዘብ ክሳብ **22.60** ሽክል ኣብ  መዓልቲ ክኸፍለካ ኣለዎ።ማዕረ እቲ ዝሰርሖ ግዜን ዓቕንን ኢዩ ዝኽፈል። እቲ ኣስራሒ ናብቲ ሰራሕተኛ ዚሰርሓሉ ቦታ መጓዓዝያ ዚህብ እንተ ኹይኑ ነቲ ንጉዕዞ ዜውጽኦ ወጻኢታት ኪኸፍሎ ግዴታ የብሉን። |
| ***ሰሙናዊ ዕርፍቲ*** | 36 ሰዓታት ዕርፍቲ ኣብ ሰሙን ክህልወካ ኣለዎ ።እዚ ድማ እቲ ኣብ ሰሙን እትወስዶ ህዝባዊ ባዓል  ኣብ ተዕርፈሉ ግዜ ምስ ትሰርሕ  ዘጠቓለለዩ። እንተ ድኣ ኣብ ዕርፍትኻ ሰሪሕካ 150% ናይ መዓልታዊ ክፍሊትካ ክትረክብ ኣለካ ። ንሰራሕተኛ ሸውዓተ መዓልቲ ክሰርሕ ምስ ዘይ ደሊ ግደን ኣይኮነን ክሰረሕ። |
| ***<u>ዓመታዊ ዕርፍቲ</u>*** | ድሕሪ ናይ 3 ኣዋርሕ ስራሕ፣ ኣብ ሰሙን 6 መዓልቲ ፣ምስ ዝሰርሕ 14 መዓልቲ ኣብ ዓመት ዕረፍቲ ኣለዎ ኣለዎ።ን5 መዓልቲ ኣብ ሰሙን ምስ ዘሰርሕ   ድማ 12 መዓልቲ ኣለዎ።እዚ ድማ ኣብቲ ቅዳሞት 4 ዓ መት ኣንሰርሓሉ ግዜ ጥራይ ኢዩ።ካብ5 ዓመት ንላዕሊ ምስ እንሰርሕ ድማ  እንዳ ወሰኸ ኢዩ ዝኸይድ። |
| ***ህዝባዊ በዓላት፡*** | ድሕሪ ናይ 3 ኣዋርሕ ስራሕ ፡ ናይ 9 መዓልታት ህዝባዊ ባዓላት ኣብ ዓመት ክትቅበል ይግበካ፤ ኣብህዝባዊ ባዓል ኣብ ተዕርፈሉ ክኸውን የቡሉን።  (ኣብ ግዜ ሰሙናዊ መዓልቲ ዕርፍትኻ ክኸውን የቡሉን። እንተድኣ ህዝባዊ ባዓልካ ኣብ ስሩዕ ናይ ስራሕ መዓልታት ውዓሉ፡ ናይ ህዝባዊ ባዓልካ ክፍሊትመዓልቲ ክትክፈል ብመለከዒ ናይ ኩሉ ግዜ ደሞዝካ ፡ግቡእካ ኢዩ። እንተ ድኣ ኣብ ግዜ ህዝባዊ ህዝባዊ ባዓልካ መዓልቲ ስራሕካ ፡ ክፍሊትካ 150% ናይመዓልታዊ ክፍሊት ተለኪዑ ክትቅበል ግቡእኻ ኢዩ። እዚ ድማ ተወሳኺ ንህዝባዊ ባዓልምስ ትሰርሕ ክፍሊት (250% ክኸውን ) ኣለዎ። |
| ***ስፍሓት ስራሕ*** | ናይ ምሉእ ግዜ ስራሕ ኣብ ወርሒ 182 ሰዓት እዩ። እቶም ካብዚ ንታሕቲ ዚሰርሑ መጠን ናይ ክፍለ ግዜ ስራሖም ኪግምግሙ ይኽእሉ እዮም፣ እዚ ኸኣ ቀጕጽሪ እቲ ኣብ ሰሙን ዚሰርሑሉ ሰዓታት 4.3 × (ኣብ ወርሒ ቑጽሪ ሰሙናት) እዩ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ብ182 (ኣብ ወርሒ ንናይ ምሉእ ግዜ ስራሕ ዚኸውን ሰዓታት) ኪመቓቐል ኣለዎ። |

**(መተባብዒ ሰራሕተኛ )(ሃብርኣ)**

ሓደ ምሉእ ዓመት ስራሕ ዝፈጸመ ሰራሕተኛ፡ ሃብራኣ ቀዋሚ መዓልታዊ መለክዒ ናይ **378** ሽክል ይግበኦ ። ን1ይ ዓመት 5X 378 ፡ን2ይ ን3ይ ዓመት 6 መዓልታት X 378 ሽክል፡ ካብ 4ይ ክሳብ 10ይ ዓመታት 7መዓልታት X 378። ግዝያዊ ሰራሕተኛ ሕሳቡ ብመሰረት ምንዋሕ ናይ ስራሕ ግዜ ይኸዉን። **ንብደላላይ ኣብ ጽርየት** ናይ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ዝኽፈል ኣብራኣ 418 እዩ። ኣብተን ቀዳሞት 3 ዓመታት 7 X 421፡ድሕሪ 4ይቲ ዓመት ድማ 9 X 423 እዩ።እዚ ተጻሒፉ ዘሎ ምሉእ ናይ ስራሕ ሰዓታት(ምስራድ ምሊኣ) ንዝሰርሕ ዝቕበሎ ጥራይ ኢዩ። ንውሑድ ክፋል ናይ ግዜ ስራሕ ንዝሰርሑ ድማ (ምስራድ ኺልኪት) ውሑድ ይቕበል።

**ዕርፍቲ ጉልበታዊ ዕዮ**

ስራሕተኛ ንጉልበታዊ ዕዮ ድሕሪ 6 ሰዓታት ናይ ስራሕ 45 ደቃይቅ ( ግድን30 ደቃይቅ ናይ 6 ሰዓታት ቀጻሊ ዝኾነ
ዕረፍቲ) ከዕርፍ ግቡእ ኢዩ ። ንጉልበታዊ ዕዮ ዘይሰርሑ ሰራሕተኛታት ድማ 45 ደቓይቅ ካብ 8 ሰዓታት ከዕርፍ ግቡእ ኢዩ ።ሰራሕተኛ ግድን30 ደቃይቅ ከዕርፍ ግቡእ ኢዩ ። ተወሳኺ 15 ደቂቕ ከዕርፍ ይኽእል ።ኣስራሒ ካብ ስራሕተኛ ደሞዝ ናይ ዕርፍቲ ግዜ የጉድል፡ 15 ደቃይቕ ምስ ዘይየዕርፍ ግን ግድን ኣይኮነን ኣስራሒ ካብ ገንዘቡ ከጉድል።

**ክፍሊት ኣብ ግዜ ሕማም፡**

ብምኽንያት ሕማም ምስ ዘይ ትሰርሕን ካብ ዶክቶር መረጋገጺ ምስ ተምጸኣሉን ንስራሒካ ክኽፍለካ ግደታ ኢዩ። ናይ መጀመርታ ምዓልቲ ሕማም ኣይትኽፈልን፡ን2ይ 3ይ መዓልቲ ሕማም ግን 50%ናይ ኩሉ ግዜ ደሞዝካ ፡ ካብ 4ይ መዓልቲ ሕማም ንድሕሪት ድማ 100% ናይ ኩሉ ግዜ ደሞዝካ ክኽፍለካ ኣለዎ።ሰራሕተኛ ምሉእ ናይ ስራሕ ሰዓታት(ምስራድ ምሊኣ) ንዝሰርሕ ዝቕበሎ ኣብ መዓልቲ 1.5 መዓልቲ ሕማም ኣብ ወርሒ ደማ 18 መዓልቲ ሕማም ኣብ ዓመት፣ጠቕላላ ክሳብ 90 መዓልቲ ሕማም ክንቆጽር ንኽእል።

**ብሕማም ሕጻናት** - ክልቲኦም ወለዲ ሰራሕተኛታት ኰይኖም ዚሰርሑ እንተ ኾይኖም ብሰንኪ ሕማም ቈልዓ ኣብ ዓመት ክሳዕ 8 መዓልቲ ኽትወስድ ትኽእል ኢኻ ። ሓደ ንጽል ወላዲ ውሉድ ብሰንኪ ሕማም ውሉዱ ኣብ ዓመት ክሳዕ 8 መዓልቲ ክወስድ ይኽእል ኢዩ ። ሓደ ወላዲ ብናይ ሓደ ቈልዓ ብሕማም ምኽንያት ምስ ዝብኩር ዚኽፈል ክፍሊት ምስቲ ንሕሙም ዚኽፈል ክፍሊት ሕደ እዩ ። እቲ ኣስራሒ ብሰንኪ ሕማም ናይ ሓኪም ወረቐት ምስክር ክወሃቦ የድልዮ ኢዩ።ኣስራሒ ናይ ሓኪም ወረቕት እንተ ዘይ ተቕቢሉ ግድን ኣይኮነን ክኽፍለካ።

**ትሕጋግ/ካሕሳ**

**PITSIUIM**

ድሕሪ 1 ዓመት ናይ ስራሕ ትሕጋግ ክፍሊት ክትክፈል ይግበኣካ፡ እንተ ድኣ ተሰጕግካ ብምኽንያት ኣስጋኢ ኩነታት ስራሕ፡ ብምኽንያት ጥዕና፡ ደሞዝካ ስለዘይተቀበልካን ብምኽንያት
ማሕበራዊ መሰላትን ። ግዜ ክፍሊት፡ ምስራሕ ኣብ ተብቀዓሉ፡ መሰናበቲ ክፍሊት ትወስድ። ሕሳብ ኣከፋፍላ፡ ናይ ሓደ ወርሒ ደሞዝ ዝርብሐ134 ብቑጽሪ ዓመታት ናይ ስራሕ ትኽፈል (ንስሩዕ ዘይኮነ ክፍሊት ግዜ ስራሕ ናይ ዓመት ዘጠቃለለ)

**ቅድሚ ምቁራጽካ ክትህቦ ዘለካ ግዜ፡**

ቅድሚ ካብ ስራሕ ምብራርካ ምቁራጽ ኣብ መንጎ ኣስራሓይን ሰራሕተኛን ናይ ጽሑፍ መጠንቀቅታ ሓበሬታ ክወሃሃቡ ይግባእ። እቲ ሓበሬታ ድማ ኣብ ስራሕ ዝገበር ግዜ መጠን ይምርኮስ ። ኣብ 1ይ ዓመት፡ ሓደ መዓልቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ(12 መዓልቲ) ፡ ኣብ 2ይ ዓመት ከኣ 14 መዓልቲ ተወሳኺ ½ መዓልቲ ንነፍሲ ወከፍ ወርሒ፡ ኣብ 3ይ ዓመት ከኣ 21 መዓልታት ተወሳኺ ½ መዓልቲ ንነፍሲ ወከፍ ወርሒ ፡ ድሕሪ 3 ዓመት ዘሎ ግዜ ከኣ ሓደ (1) ወርሒ ።
ክፍሊት፡- እቲ ኣቀዲሙ መጠንቀቅታ ሓበሬታ ዘይሃበ ሰብ ነቲ ካልእ ሰብ በቲ ዘሎ ስሩዕ ናይ ደሞዝ መጠን ኣብቲ ግቡእ ካሕሳ ክኸፍሎ ይግባእ ።

**ንጥሮተኛ ዝወሃብ ገንዘብ**

ብመሰረት 2008 ዝወጸ ሕጊ ኣብ ስራሕተኛታት ከምዘመልክቶ ነፍሲ_ወከፍ ሰራሕተኛ ንጥሮታ
ዝኸውን ተቀማጢ ገንዘብ ክዕቅብ የግደድ። 6.5% ጥሮታ 6% ናይ ትሕጋግ ካብ ኣስራሒ ኸም ኡ ወን 6% ካብ ናይ ሰራሕተኛ ኣስራሒ ኣውሪዱ ሕሳብ ናይ ፐንስያ ከፊቱ ከቕምጠሉ ኣለዎ።

**PIKADON**

ሳጹን (ዝቕመጥ ገንዘብ) - ሓደ ብሲና ኣቢሉ ናብ እስራኤል ዝኣተወ ኣስራሒ ካብ 1 ግንቦት 2017 ኣትሒዙ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ዚሰርሓሉ ስራሕ ወይ ካብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ስራሑ ጀሚሩ ኣብ ብምሉኡ እቲ ዚሰርሓሉ እዋን ማዕረ 16%( ሚእታዊት) ደሞዝ ናይቲ ሰራሕተኛ ኼቕምጥ ኣለዎ ። ብወብ ሳይት ሰበ ስልጣን ብዝሒ ህዝብን ስደተኛታትን ኣቢሉ ኣብ ናይ መንግስቲ ገንዘብ ክቕመጥ ኣለዎ። እዚ ገንዘብ እዚ ግን ኣብ ክንዲ ፐንስያ ኢዩ።ተወሳኺ እብ ልዕሊ ፐንስያ ኣይኮነን።

| | |
|---|---|
| ***ጥንስን ሕርስን*** | ንጥንስቲ ስራሕተኛ ካብ ስራሕ ምስጋጉ ዘይሕጋዊ ተግባር ኢዩ ። ኣብ ትሓርሰሉ ግዜ ናይ ሕክምና ዝጸነሓትሉን ከምኡ ውን ሓደ ግዜ ናይ ሕርሲ ዝተሓከመትሉን ወጻኢታት ክሽፍነላ ኣለዎ ። ብተወሳኺ ድማ ን3 ወርሒ ናይ ሕርሲ ፍቓድ ብሃገራዊ መድሕን ዝኸፈል ይወሃባ ። ናብ ሕክምና ክትወጽእ ከላ ግን ምስ ቪዛን ከምኡ ዉን ኣብ ግዜጥንሲ ተኸታተሊ ንዝወሰደቶም ሓበሬታ ዝሓዙ ጽሑፋትን ዶኩመንታትን ሒዛ ኪትመጽእ ኣገዳሲ ይኸውን። |
| ***ጥዕናዊ መድሕን*** | ኣሰራሒኻ ጥዕናዊ መድሕን ከደልወካን ካብ ወርሓዊ ዶሞዝካ ዝቁረጽ ካብ 134.46 ሽኪል ንወርሒ ዘይበዝሕን ከኽፍለካን ግደተኡ ይኸውን ። |
| ***ሃገራዊ መድሕን*** | ኣስራሒኻ ናይ ሃገራዊ መድሕንካ ከራጋግጸልካ ይግባእ። እቲ ሃገራዊ መድሕን ቁጽሪ ፋይል ናይ ኣስራሒኻ ክፍሊት ቅብሊት ቅዳሕ ምሳኻ ክትሕዞ ኣገዳሲ ይኸዉን። እዚ ከኣ ኣብ ሕክምና ብናይ ስራሕ ሓደጋ ወይ ኣደ ብሕርሲ ምስ እትጸንሕ ክጠቅመካ ይኽእል። |
| ***ሕክምናዊ መርመራ*** | ንእትገብሮ ኩሉ ሕክምናዊ መርመራ (መድሃኒታት) ወጻኢታት ብናይ ውልቅኻ ሕክምናዊ መድሕን ይሽፍን። ኣብ ስራሕ ዘጋጥመካ ሓደጋታትን ከምኡ ውን ንኣደ ኣብ ግዜ ሕርሲን ጥራይ  ብሃገራዊ መድሕን ይሽፈን (ንብቢትዋኽ  ሉኡሚ)።ምናልባት ሃንደበታዊ ሓደጋ ምስ ዘጋጥመካ ፡ናይ ጥዕናዊ መድሕን ወይ ቅቡል ዝኾነ ቪዛ እንተዘይብልካ ግን ኣብ ዝኾነ ሕክምና ኬድካ ክትረኤ (ክትምርመር) ትኽእል ኢኻ፤ እዚ ከኣ  ምናልባት ንስኻ ትከፍሎ ክኸውብ ይኽእል ኢዩ።  እንተ ድኣ ኡንሹራንስ ዘይ ብልካ ናትካን ናይ ደቅኻን ግድን ክህልወካ ወካ ግን ኩሉ ዝኽፈል ናይ ሕኽምና፬፬ይግብኣካ።ምስ  ዘይ ህል ኽፍሊት ክትከፍሎ ግዴታ ኣለካ ። |
| ***ማህሰይቲ*** | ሕጊ እስራኤል ጾታዊ መጥቃዕቲ/ምሽጋር ይኽልክል እዩ፣ እዚ ኸኣ ሰራሕተኛኣ ጾታዊ ርክብ ምግባር እንተ ኣብያ ወይ ጾታዊ ርክብ ክትፍጽም ፍቓደኛ እንተ ዘይኰይና ኻብ ስራሕ ከም እትስጐጉ ምፍርራህ እዩ። ሓደ ዘሸገር ሰራሕተኛ ምስ ፖሊስ ወይ ምስ ካቭላኦቬድ ክሕብር ይክእል ኢዩ። ወይ ምስ ማእከል ግዳያት ጾታዊ መጥቃዕቲ |
| ***ናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት ብደለልቲ*** | ኣስተውዕሉ-ናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት  ( ናይ እንዳ ሓዳር ወይ ናይ ገዛ ጽሬት ዘይኮነ )ኣብ ናይ ጽሬት ኢንዱስትሪ ስፍሕ ዝበለ ትእዛዝ ኣሎ። ካብቲ ኣብዚ ዘሎ ንላዕሊ ተወሳኺ መሰላት ክትረክብ ድማ መሰል ኣሎካ ።በጃኻ ነቶም ናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት ፍሉይ መሰል ከም ዘለካ ኣረጋግጽ።<br>ተወሳኺ ሕሳብ ናይ ከረን እሽተልሙት ድማ ክኽፍልተልና ኣለዎ። ኣዚ ድማ 7.5% ካብ ናይ ኣስራሒና 2.5% ድማ ካብ ናይ ሰራሕተኛ ኣውሪዱ ከቐምጠልና። |

| | |
|---|---|
| **ካቭ ላኦቨድ**<br>(ተጣባቒ መሰል ሰራሕተኛታት) | **052-3131166** ሰዓታት ቆጸራ ንምሓዝ ረቡዕ ጥራይ ካብ **12:00-14:00** ተል ኣቪቭ<br>ጎደና ሃነገቭ **8**, (ኮማ 3) ፧ምቕባል ኣጋይሽ ሽሉስ ጥራይ ካብ ሰዓት 12:00-18:00<br>ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ናብ ወብ ሳይት ኪድ Kavlaoved.org.il  ኣብ ፌስቡክ እዋናዊ ምኽርታትን ሓበሬታታትን ንምርካብ Kav LaOved - Refugees and Asylum Seekers<br>**ሃይፋ** ጎደና ሀርጻል **18**, ቴሌ **04-8643350,** |
| **መሲላ** | (ማሕበራዊ ጸገማት፡ ስድራቤትን ህጻናትን)<br>03-6879727 **፡ጎደና ሪሾን ለጺዮን 3, ተል ኣቪቭ** |
| **ሆትላይን** | ጉዳይ ቪዛን ካልእን ጎደና ሃትጺፍራ 18 ተል ኣቪቭ ቴሌ **054-6270898 / 03-6873027** |
| **ያፎ ክሊኒክ** | (ጉዳይ ኢንሹራንስን, ጸገማት ጥዕናን) ያፎ ጎደና ድሮር 9 ቴሌ **03-6873027 / 03-6873718.** |
| **ኣሳፍ** | ደገፍ ስደተናታት ጎደና ጎሎብም 52 ተል ኣቪቭ ቴሌ **055-6650022** |